# መዓልቲ ናጽነት ብጨንፈራት ተሓኤ ሰባ ኣብ ጀርመን ብክብሪ ተባዒሉ

ጨንፈራት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ መበል 15 ዓመት መዓልቲ ንጽነት ኤርትራ፡ ጨንፈር ቁጽሪ ሓደ ብዘዳለውቶ ኣብ ቴቢንገን ከባቢ ስቱትጋርድ ብድምቀት ብዕ ለት 27.05.2006 ተኸቢሩ ውዒሉ። ኣብዚ ክቡር ዝኾነ ኣጋጣሚዚ፡ ኣቦ መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ዝርከብዎም ካብ ቀረባን ርሑቕ ቦታታት ቦንን ኮለንን ፍራንክፎርትን ካስልን ከባቢታቱን ብኣውቶቡስን መካይንን ባቡራትን፡ ነዚ ታሪኻዊ መዓልቲዚ ንምኽባር ዝመጹ ተሳቲፈሞ ኔሮም።

እቲ በዓል ብመዝሙር ናይ ስውኣት ተሰኒዩ፡ ንክብሪ ናይቶም ንመዓልቲ ናጽነት ጋህዲ ዝገበሩ ስውኣት ሽምዓታት ተወሊዑ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ በዓል ዘበርሃ ሽምዓታቶም ሒዞም ንሓሙሽተ ደቓይቕ ጠጠው ብምባል ናይ ሕልና ዝኽሪ ንስኣት ገይሮም።

ድሕሪዚ፡ ብጻይ ተኽለዝጊ ሚካኤል ኣቦ መንበር ሽማግለ ጨንፈር 01፡ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራብ፡ ንኣፋላጢት መደባት በዓል፡ ንብጻይቲ ትዕበ እቲ መድረኽ ተኸፊቱ። ብብጸይቲ ትዕበ ተኪኤ እናተመርሐ ቅደም ተኸተል ሒዙ ዝቐረበ መደባት ሰፊሕን ሃብታምን ኔሩ። መድረኽ ሕቶን መልስን ዝነበሮ ሰፊሕ ውድባዊ መግለጺ፡ ግጥምታት፡ ዋዛታት ምስ ቁምነገራት፡ ሙዚቃ ካብ ዝነበሩ መደባት ኢዮም ኒሮም።

ኣቦ መንበር ውድብ፡ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ንተሳተፍቲ ሰላምታኡ፡ ንኣዳለውቲ መደብ ከኣ ምስጋና ድሕሪ ምሃብ፡ ዘረባኡ መዓልቲ ናጽነት፡ 24 ግንቦት ክሳብ ክንደይ ዓባይን ክብርትን ንመላእ ህዝቢ ኢርትራ ከም ዝኾነት ብምግላጽ ኢዩ ጀሚሩ። ነቶም ነዛ ክብርቲ መዓልቲ ዚኣ ንምርግጋጽ ሂወቶም፡ ግዜኦም፡ ዘለዎም ዓቕሞም ዘውፈዩ ኣሞጊስዎምን ንኢድዎምን። እዛ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ተቓሊሱ ዘምጽኣ ናጽነት ግን፡ ብሰንኪ እዚ ተተኺሉ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ኩሉ ዝሕጎሰላን ዝቐስነላን ኣብ ክንዲ ትኸውን፡ ደጊሙ ህዝብና ኣብ ውርደትን ስቓይን ዝነብረላ ሃገር ኮይና ተረኺባ ኢሉ።

ብጻይ ዓማር፡ ካብቲ ኣስፈሑ ዝገለጾ ካልእ ጉዳያት፡ ብዛዕባ እቲ ንሱ ዝመርሖ ውድብ፡ ተ.ሓ.ኤ.-ሰባ፡ ድሕሪ መስዋእቲ ብጻይ ስዩም ዝርከበሉ ኩነታትን ተታሓሒዝዎ ዘሎ መደባትን ኢዩ። ውድቡ ፡ ኣብ ዝመጽእ ሓምለ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ክገብር ተዳሊዩ ከምዘሎ ገሊጹ። ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ቀይርካ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምቕያር ድማ ፡ ምስ ብኣረኣእያ ዝመሳሰልዎ ሓይልታት ሓቢሩ ክሰርሕ ኩነታቱ ኣመቻቺኡ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ኢ.መ ውድብ ተሓኤ-ሰባ፡ ኣብዚ መወዳእታ እዋን ንዝተገብረ ዓመታዊ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ጉባኤ ኣብ ውሽጢዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ክካየድ ምውሳኑ ከም ዕዉት ኣኼባ ገሊጽዎኢ። ዝግበር ጉባኤ ናይ ኪዳን ክሪኦም ዘለዎ ኣገደስቲ ጉዳያት ክህልዉዎ ከም ዝኾኑ ብጻይ ዓማር ገሊጹ። ግዱሳት ምሁራትን ጽሓፍትን ኤርትራውያን ኣብቶም ጉዳያት ሓሳባቶም ከቕርቡ ጸዊዑ። ብኣረኣእያ ብጻይ ዓማር ካብቶም ሓሳባት ክወሃበሎም ኣለዎ ዝብሎም ጉዳያት፡ ኣብ ክፉት ህዝባዊ ክትዓት ከኣ ርእይቶ ክወሃበሎም እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡

1. ቻርተር ኤርትራዊ ኪዳን ከመይ ይምዕብል?
2. ኪዳን ኣድማዒ ክኸውን፡ ቅዋሙ/ቅርጽኡ ከመይ ይመሓየሽ?

3. ኣብ ማእከላይ መሪሕነት፡ ውድባት ከከም ዕብየተን ንክሳተፋ እንታይ መለኪዕታት ይገበር?
4. ኣብ ኤርትራዊ ኪዳን ሓደ ኣባል ንኽሸውን እንታይ ከማልእ ይህልዎ?

እዚ ሰፊሕ መግለጺ ብኣቦ መንበር ውድብ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ብኣማእካልነት ብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ ኣ/መ ሽማግለ ዞባ ጀርመን ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ። ኣቦ መንበር ውድብን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያትን ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ንዝቐረብ ዝነበረ ንውድብን ንኢርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብፍላይ፡ ንጠቕላላ ኩነታት ኤርትራ ከኣ ብሓፈሻ ዝምልከት ሕቶታት ብሰፊሑ ተመሊሱ። ውድብ ተሓኤ-ሰባ ምስ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ንምጽንባር ዘለዎ ቅሩብነት ተገሊጹ።

በዓል መዓልቲ ናጽነት መደባቱ፡ ሙዚቀኛታትን ደረፍትን ተመስገን፡ ሳምሶን፡ ሃይለ ዕምባባ ሙሉእ ለይቲ ብዘጻወትዎ ባህላዊ ሙዚቃዊ ምርኢት ተደምዲሙ።